# ኣብ ኣብያተ ዕዮ ክልል ዝግበር ምይይጥ BPR መበገሲ ሓሳብ፣

## 1. መእተዊ

ሃገርና ነዊሕ እዋን ዝገበረ ኣሰራርሓ፣ ኣወዳድባን ኣተሓሳሳባን ብምኽ ያር ቅልጡፍ ልምዓትን ሰናይ ምምሕዳርን ንምምፃእ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ፕሮግራማት ህንፀት ዓቕሚ ተጀሚሮም  ዝተፈላለዩ ምምሕያሻትን ለውጥታት ኣሰራርሓን እናተተግበሩ ምፅንሖም ርዱእ እዩ። ኣብ ኣብያተ - ዕዮ መንግስቲ ክልልና ግልጋሎት ኣወሃህባ ንምምሕያሽ፣ ተሓታትነትን ግልፅነትን ንምስፋን፣ ስርዓት ኣመራርሓ ስራሕ ውፅኢት ተኮር ንምትእትታው ዘመናዊ ቴክኖሎጂ/IT/ብምትእትታው ሓፈሻዊ ስራሕትና ቅልጡፍን ውፅኢታውን ንምግባር ዝተፈላለዩ ፃዕርታት እናተገበሩ ፀኒሖም'ዮም። እዚ ብምኽንያቱ ድማ ኣብ ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ክልልና ዝተፈላለዩ ምምሕያሻት ምህላዎም ዝስሕቶ ኣካል ኣይህሉን።

ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ኣብ ልምዓት ዝተመዝገቡ ተኸታታልቲ ዓወታት ሓደ ፍልፍል ድማ ኣብ መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮ ዝተገበረ ተከታታሊ ለውጥን ምዕባለን  ኣሰራርሓ፣ ኣወዳድባን ኣተሓሳስባን(ህንፀት ዓቕሚ) ምኽንያቱ ርዱእ'ዩ። ይኹንዳ'ምበር ዝተገበሩ ምምሕያሻት ህዝቢ ካብ መንግስቲ ዝደልዮ ግልጋሎት እንትነፃፀር ምስቲ' ኣብ ልምዓትን ሰናይ ምምሕዳርን ክነረጋግፆ ዝግባእ ዕብየትን ምስቲ ዘለናዮ ትሑት ምዕባለን ስእነት ሰናይ ምምሕዳርን ልምዓትን ምስ ብተነፃፃሪ ኣብዝሓሸ ዕብየት ዘለዋ ሃገራት እንትነፃፀር ሐዚውን ቀፃልን ተኸታታልን መሰረታዊ ብዝኾነ መንገዲ ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ብኣሰራርሓን ኣወዳድባን ክመሓየሻ ይግባእ።

ካብ በጀት ዓመት 2000 ጀሚሩ ብዝተጠናኸረን መሰረታዊ ብዝኾነን መንገዲ ተታሒዙ ኣብ ምንቅስቓስ ዝርከብ BPR ድማ ንዚ' ተሪፋና ዘሎ ቀፃልን ዘላቅን ምምሕያሽ ከም ዝሐሸን መማረፂ ዘይብሉ  መሳርሒ ለውጥን  ንምግባር እናፃዓርና ንርከብ። ንቲ' ተጀሚሩ ዘሎ መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ኣሰራርሓ /BPR/ ዕውትነት ንምርግጋፅ ክግበሩ ዝግበኦምን መሰረታዊ ጉዳያትን ድማ እቲ ሓደ ናይቲ' ምምሕያሽ እንታይነትን ኣድላይነትን ንሰራሕተኛታት ግቡእ መብርሂ ምሃብ'ዩ። እዚ' ሓፂር መበገሲ ትልሚ ንሰራሕተኛታት ኣብ BPR ንምምይያጥ ተዳሊዩ ኣሎ።

## 2. ዝፍፀም መደብ

- ሰራሕተኛ ኣብ BPR /መሰረታዊ ናይ ኣሰራርሓ ለውጢ/ ትኽክለኛ ግንዛበ ዘትሕዝ ዘተ ምኽያድ

## 3. ዕላማ

ኣብ ኩለን ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ምስ ሰራሕተኛታት ዝግበር ምይይጥ ዝስዕቡ ዕላማታት ይህልውዎ፡-

- ዕላማን ኣድላይነትን መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ኣሰራርሓ /BPR/ ኩሉ ሰራሕተኛ እቲ' ቢሮ ንክግንዘብን ናይቲ' ለውጢ ሓጋዚ ክኸውን ንምግባር።
- ኣብ ዝተፈላለዩ ሰራሕተኛታት ዝርኣዩ ዝተፈላለዩ ግንዛበታትን ግጉይ ኣተሓሳስባታትን ብምስትኽኻል ትክክለኛ ዕላማ እቲ ለውጢ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ተረዲኦም ኣብ ምዕዋቱ ብንጥፈት ዝዋስኡ ክኾኑን ምግባር።

## 4. ሽቶታት

ሽቶ 1፡- ሳይንሳዊ መበገሲ BPR ኣመልኪቱ ግንዛበ ክሕዝ

ሽቶ 2፡- ኣድላይ መደብ እዩ ዝብል መንፈስ ምፍጣር

ሽቶ 3፡- ነዚ መደብ ንምፍፃም ሙሉእ ጊዜኦም ንኽስርሑ ናይ ዝምደቡ መሳርሕቱ ስራሕ ሽፈኑ ትልሚ 2000 ዓ.ም ከይተቐናነሰ ክፍፀም ክውስን ምግባር

ሽቶ 4፡- ለውጢ ንክልልና ሃገርናን ብኡ ኣቢሉ'ውን ንዓና ዝጠቅም ስለዝኾነ ሙሉእ ድጋፍና ንዕርፈሉን ክዕውት ክንገብር ይግባእ ኢሉ ክውስን ምግባር ይኸውን።

## 5. ኣብቲ' ምይይጥ ክልዓል ዘለዎ ቐንዲ ነጥብታት

ኣብ ላዕሊ ዝተጠቀሱ ዕላማታት እቲ' ምይይጥ ዕውት ንምግባር ዝስዕቡ ጉዳያት/Issues/ ምልዓልን እኹል ምድላው ብምግባር ኣብቲ' ምይይጥ ክቀርቡ ይግባእ።

5.1. ዕላማን ኣድላይነትን እቲ' መሰረታዊ ለውጢ /BPR/ ምግላፅን ምትንታንን

- ብሓፈሻ ኣብ መንግስታዊ ኣብያተ - ዕዮ ዘለው ሱር ዝሰደዱ ፀገማት ምግላፅ ምትንታን፤ ብፍላይ ድማ ኣብቲ' ቢሮ ዘለው መሰረታዊ ፀገማት ምትንታንን ምግላፅን ኣድላይ ይኸውን።
- ኣብ ልምዓትን ሰናይ ምምሕዳርን ምስፋን መንግስቲ ዘለዎ ዘይትካእ ግደ ምግላፅን ምትንታንን ከምኡውን ኣብ ዝምልከቶ ቢሮ ኣብ ልምዓትን ሰናይ ምምሕዳር ምስፋን ዘለዎ ከቢድ ሓላፊነት ክትንተን ምግባር፣
- ኣብ ላዕሊ ዝተጠቀሱ መሰረታዊ ፀገማት /Challenges and pain/ ከምኡውን ትፅቢት ህዝብን መንግስቲ /Expectation/ንምፍታሕን ንምምላእ ኣብቲ' ቢሮ ክካየድ ዘለዎ ለውጢ መሰረታዊ ናይ ኣተሓሳሳባ፣ ኣሰራርሓን ብዘምፅእ መንገዲ ተሰኒዩ ክካየድ ከምዘለዎን እዚ ንምስትኽኻል ድማ BPR /መሰረታዊ ናይ ኣሰራርሓ ለውጢ/ ዝበለፀን መማረፂ ዘይብሉ ናይ ለውጢ መሳርሒ /tool/ ምኻኑ ምግላፅን ምትንታንን፣
- ብመሰረት ኣብ ሕድ ሕድ ቢሮ ዝግበር BPR ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት ብዝተተንተነ መንገዲ ይግለፅ

5.2. BPR ምስ ካልኦት ጅማሮታት ለውጢ ዘለዎ ምትእስሳርን ኣፈላላይን ተንቲንካ ምቕራብ። ኣብነት ፡-

- ምስ ውፅኢት ተኮር ኣመራርሓ ስራሕ/Performance management/
- ምስ ኣወሃህባ ግልጋሎት ምምሕያሻ /Service delivery/
- ካልኦት ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ተጀሚሮም ኣብ ከይዲ ዝርከቡ ፕሮግራማት ምምሕያሽ ሲቪል ሰርቪስ
- ምስ ዘይምእኹል ምምሕዳርን ሰናይ ምምሕዳርን
- ምስቲ' ናይ ቢሮ ፍሉይ ባህርይ ዝተኣሳሰሩ ዝተጀመሩ ሓደሽቲ ምንቅስቓሳት ለውጢ ምትእስሳር
- BPR ነቶም መሰረታዊ ለውጢ ኣብ ምምፃእ ተራ ዝነበሮምን ንቕድሚት'ውን ብሓዱሽን ፍሉይን መንገዲ ንምትግባር ዝዓለመን ንኦም ብዝተለወጠ መንገዲ ንምፍፃም ዝስራሕ ዘሎ'ምበር ንኦም ንድሕረት ዝመሰል ዘይምኻኑ ብግልፂ ክጭበጥ ምግባር።

5.3. ኣብ መንግስቲ ሰራሕተኛታት ብሓፈሻ ኣብቲ' ቢሮ ድማ ብፍላይ ብዛዕባ እቲ' መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ኣሰራርሓ /BPR/ዝለዓሉ ዝተፈላለዩ ዝንባለታት ገለፃን ትንተናን ምክያድ።ኣብነት፡-

- BPR ሰራሕተኛታት ንምቅናስ'ዩ መፂኡ ዝብል ኣተሓሳስባ ግጉይ ምዃኑ ምርድዳእ ምፍጣርን ዕላማ BPR ሰራሕተኛታት ምቕናስ እንተይኮነስ ልኡኽን ዕላማታትን ቤት ዕዮ ብዝበለፀ ውፅኢታዊ ምግባርን ተገልገልትን ህዝብን ዝደልዮዎም መንግስታዊ ግልጋሎታት ብዝበለፀ ዕርየት፣ ቕልጣፈን ቀጣባይነት ንምፍፃም ዝዓለመ ምዃኑን እዚ' ድማ ሰራሕተኛታት'ውን ዝርብሕሉ መንገዲ ለውጥን ምዕባለን ምዃኑ ምርድዳእ ምፍጣር፣
- ካሊእ ኣብ መንግስቲ ሰራሕተኛታትን ኪኢላታትን ዝለዓል ጉግይ ዝንባለ BPR ኣብ መንግስታዊ ኣብያተ - ዕዮ /Public sector/ እንተይኮነስ ኣብ ዘይመንግስታዊ ትካላት/private Business sector/እዩ ዝሰርሕ ዝብል ዝተጋገየ ኣተሓሳስባ ምህላው እዩ። እዚ' ኣተሓሳስባ ዝተጋገየ ምዃኑ ምርድዳእን ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ዝርከቡ ኣብያተ - ዕዮ መንግስቲ ከምዝተጠቀሙሉን ውፅኢታዊ ከምዝኾነን ምርድዳእ ምፍጣር፤ ምስቲ' ኣብ ኣብያተ - ዕዮ መንግስቲ ዘሎ ሱር ዝሰደደ ናይ ኣወሃህባ ግልጋሎት ፀገም መሰረታዊ ብዝኾነ መንገዲ ንምፍታሕ ካብዚ' ወፃኢ ዝሓሸ መማረፂ ከምዘየለ ምርዳእ የድሊ። ብተወሳኺ ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ በዚ' መንገዲ ለውጢ ዘምፅእ ጅማሮታት ከምዘሎ ምብራህ የድሊ። ኣብነት ኣብ ኦሮሚያ፣ ፌደራልን መራኽብን ትራንስፖርትን ዝገብርዎ ዘለው ለውጢ ወይ ድማ ካልኦት ዝፍልጡ ኣብነት ብምልዓል ምርድዳእ ምብፃሕ የድሊ።

- እቲ' ካሊእ ብኪኢላታትን ሰራሕተኛታትን ከምኡ'ውን ላዕለዎት ሓለፍቲ ዝለዓል ዝተጋገየ ኣተሓሳስባ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ተጀሚሮም ኣብ ምንቅስቓስ ዝርከቡ ፕሮግራማት ሲቪል ሰደርቪስ ሪፎርምን ካልኦት ጅማሮታት ለውጥን ብምትእስሳር ኣብዞም ፕሮግራማት ኣጋጢሞም ዝነበሩ ዓንቀፍቀፉትን ፀገማትን ብምጉላህ፤ BPR'ውን ካብዚኦም ዝተፈለየ ከምዘይኾውን ዝለዓል ሓሳብ ክኸውን ይኽእል'ዩ።

ኣብዚ' ኣተሓሳስባዚ' ብኽልተ መንገድታት ኣብ ምርድዳእ ክብፃሕ ይኽእል'ዩ።

ሀ) ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ዝተካየዱን ኸዚ'ውን ኣብ ምክያድ ዝርከቡን ፕሮግራማት ምምሕያሽ ሲቪል ሰርቪስ ዘጋጠሞም ፀገማት ከምዘለው ብምርድዳእን መንቀሊ እቶም ፀገማት ንምፍላጥ ብቖራፅነት ዝኣተው ኣመራርሓን ነዚ ለውጢ ዝቕበል ኣተሓሳስባ ዘለዎ ሰራሕተኛ ብዘይምንባሩን ብምትንታንን ንቖፃሊ ተጠናኺሮም ክካየዱ ክልል መንግስትን ኣካላቱን ዝወሰኑ ምኽኖም ምብራህ፣ ብካሊእ ወገን ድማ ፕሮግራማት ምምሕያሽ ሲቪል ሰርቪስ ዘምፅእዎ ዝተፈላለዩ ጠቀሜታን /ዋጋ መጠናዊ ይኹን/ ለውጥታት /ዕግበትን ሰሌጠንን/ ከምዘለው ኣብ ምርድዳእ ምብፃሕ።

ለ) BPR ግና መሰረታዊ ናይ ኣተሓሳስባን ኣሰራርሓን ለውጢ ምኳኑን ኣብ ፕሮግራማት ምመሕያሽ ሲቪል ሰርቪስ ዘለው ጅማሮታትን ምዕባለታትን ጥጡሕ ባይታ ዝፈጥርን ተፈፃምነቶም ዘቀላጥፍን ምኳኑ ምርድዳእ የድሊ። ተጀሚሮም ዘለው ፕሮግራማት ምምሕያሽ ድማ ጠጠው ክብሉ ከምዘይግበኦምን ካብኦም ዝረኸብናዮም ተሞክሮታት ነቲ ሀዚ ንስርሖ ዘለና መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ኣሰራርሓ ክንጥቀመሉ ኸምዝግባእ ምርድዳእ ምፍጣር።

- ካሊእ ብኪኢላታት ዝለዓል ጉዳይ ኣብ ሕግታትን፣ መምርሒታት ዘሎ ን BPR ምቹዊ ዘይኮነ ኩነታት እዩ። ኣብዚ' መዳይ'ውን ዕላማ BPR ተሓታትነት ምስፋን፣ ግልፅነት ምትእትታው ሰለጤንን ውፅኢታውነትን ምምሕያሽ ከምኡ'ውን ባህሊ ስራሕ ብመሰረቱ ምምሕያሽ ከምዝኾነ ምርዳእ ከድሊ እዩ። መብዛሕቲኦም ሕግታት ድማ ዕላምኦም እዚ' ምኳኑ ንለውጢ ዘይሰርሑን ምስቲ ሀዚ ዝንሂ ምዕባለ ዘይኸድን እንተኾይኖም ምምሕያሽ ጥራሕ ዘይኾነስ ፈጺምካ ምቕያር'ውን ግቡእ ምኳኑ ምርድዳእ ምፍጣርን፣ ስለዚ ንBPR ኣዋጃትን ዘተዓናቕፍ ሕጊ ናይ ሓይሊ ሰብን ፋይናንስን ካልኦት ድማ ይርኣዩ ከምዘለው ምርድዳእ ክፍጠር ይግባእ።

5.4. ኣብቲ' መሰረታዊ ለውጢ /BPR/ ግደ ሰራሕተኛታት ምግላፅን ምትንታን

- ኩሉ ሰራሕተኛ እቲ' ቢሮ እዚ' ዝካየድ ለውጢ ዕላምኡ ተረዲኡ እጃሙ ክዋፃእ ኩነታት ምምችቻው፣ ኣብነት ሓበሬታ ኣብ ምሃብ ብዛዕባ ግልጋሎት ኣወሃህባ ዝመሓየሽሉ ኩነታት
- ብልምዲ ይኹን ብትምህርቲ ዝፈልጦም ኣወሃህባ ግልጋሎት መንግስቲ ዘመሓይሹ ሓሳባት ምሃብ፣
- ንቲ' ለውጢ ዘተዓናቕፉ ኣተሓሳስባታት ግቡእ ምላሽ ምሃብን ንቲ' ሰራሕተኛ ከምዘይጠቅምዎ ብዝግባእ ምርዳእ።
- ኣብ BPR ዝተዋፈሩ ሓለፍትን ኪኢላታትን ስሩዕ ስራሕ ክፍተት ከይፍጠር ኩሉ ሰራሕተኛ ደሪቡ ክሰርሕን ብሓፈሻ ድማ ኣብ ስሩዕ ግልጋሎት መንግስቲ ክፍተት ከይፈጥር ሕድ ሕድ ሰራሕተኛ እጃሙ ከውፍን ዕፅፊ ክሰርሕ ኸም ዝግባእ ምርድዳእ ምፍጣር፣

# 6. ከይዲ ምይይጥን ቅድመ ምድላውን

## 6.1. ቅድመ ምድላው ምይይጥ

ሕድ ሕድ ቢሮ እዚ' ለውጢ ዕውት ንምግባር ካብዘድልይዎ ቁልፊ ተግባራት ሓደ ዕላማን ኣድላይነትን እቲ' ዝግበር ዘሎ ለውጢ ንውሽጢ ሰራሕተኛታትን ንዝምልከቶም ተገልገልትን በቢ እዋኑ ምዕባለታትን ከይድታትን BPR ምፍላጥ'ዩ። ስለዚ ርክብ /Communication/ ኣድላዪ እዩ። እቲ መደብ ብጣዕሚ ኣገዳሲ ምኳኑ ዝፍለጥ ኾይኑ ነቲ ዝግበር ዘሎ ለውጢ ዝደሊ እምነትን ኣተሓሳስባን ዝሓዘ ሰራሕተኛ ከይፈጠርና እንተፀኒሕና ቢፒኣር ኽምዘይዕወት ኣብ ስልጠናታትና ዝረኣይናዩ ጉዳይ እዩ። እዚ ድማ ቀፃሊን ተኸታታሊን ዝኾነ ምድላው መድረኻኑ ስለዝጠልብ ሎሚ ንጅምሮ ኾይኑ ትሉም ብዝኾነ መንገዲ ምዕባለታቱ ነፍልጠሉ ስርዓት ክነተኣታቱ ይግባእ።

ስለዝኾነ ድማ እዚ' ቁልፊ ዕማም ንምፍፃም ዝጠቅም ቅድመ ምድላው ምግባር የድሊ እዩ። ብመሰረት'ዚ ሕድ ሕድ ቢሮ ፦

- ናይዚ ሓፈሻዊ ትልሚ መሰረተ ሓሳብ ተረዲኡ ምስ ኩነታት ቢሮ ኣዛሚዱ ንፁር ትልሚ ከውፅእን ኣብ ቢሮኡ ዘለው ዝንባለታት ገምጊሙ መበገሲ ከዳሉ ይግባእ፣
- በቢ እዋኑ ዝግበሩ ርክባት/Communication/ ኣመልኪቱ ትልሚ ከዳሉን ኣብቲ' ትልሚ ድማ ፦
  - መዓዝን ብኸመይን ኣግባብ ይካየድ፣
  - መን የካይዶ?
  - ትኹረት ዘድልዮም ነጥብታት ብምፍላይ፣
  - ኣብ ጉዳይ/BPR/ ዝምልከቶም ተገልገልቲ/Customer and stakeholders/ እንመን'ዮም
  - እንታይ ዓይነት ሜላ ርክብ/Communication method/ ምጥቃም ዝበለፀ ይኸውን? ወ.ዘ.ተ.ዝብል ብምንፅር ከይዲ ኣፈፃፅማ BPR ዝግለፀሉን /ብሚድያ ማለት ብውሽጢ ቢሮን ብ ደገን ብኤሌክትሮኒክስ ኘሪንት/ ኣገባብ ብምትእትታው እቲ መደብ ብናይ ሰራሕተኛን ተገልገልትን ምንቅስቓስ ክንፍፅም ክንትልም ይግባእ።

6.2. <u>ከይዲ ምይይጥ ሰራሕተኛታት</u>

- እዚ ፅሑፍ መሰረት ገይሩ ዝተዳለወ ፅሑፍ በቲ' ለውጢ ዝመርሕ ዘሎ ኣካል ማለት "ዛር" /Czar/ ወይ ድማ ዝሓሸ ግንዛበ ዘለዎ ሓላፊ/ኪኢላ/ይቐርብ ብሓላፊ ቢሮ ድማ ይምራሕ /እቲ ኣኼባ /
- እቲ ምይይጥ ካብ ጥሪ 8-11/2000 ዓ/ም ኣብ ዘሎ እዋን ንሓደ መዓልቲ ወይ ድማ ከምኩነታቱ ንፍርቂ መዓልቲ ዝካየድ ይኸውን።
- ብቐፃልነት እንተወሰደ ሓደ ጊዜ ብመልክዕ ኣኼባ ፣በብ እዋኑ ኸዓ ኣብ ቦርድ ብምልጣፍ፣ ብብሮሸርን በራሪ ፅሑፍን ብምብታን ይኹን ብኻልኦት መንገዲታት ሓበሬታታት እናተወዘዐ ዝፀንሓሉ ኣካይዳታት ንኸተል።